# ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ

ስራሕ ምስ እንስሳታት ወይ ምስ ካልእ ባህርያዊ ጸጋ ይፍተወካ’ዶ?
ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስወዳእካ፡ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር’ዶ ትደሊ?
ወጻኢ ኬድካ ናይ ምምሃር ወይ ምስራሕ ዕድል ክህልወካ’ዶ ትደሊ?
ስፍሕ ዝበለ ፍልጠት ሃልዩካ ማዕረ-ማዕሪኡ ንጥፈታት ግዜ ዕረፍትኻ’ዶ ከተማዕብል ትደሊ?
እሞ ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ ብዛዕባ እንስሳታትን ተፈጥሮን ነባሪ ዕቤትን ስፍሕ ዝበለ ፍልጠት ትቐስም። ብተወሳኺ’ግን ብዛዕባ’ቲ ኣቐዲምካ ምናልባት ከም መሕለፍ-ግዜ ትወስዶ ዝነበርካ ንጥፈታት ከም ኣፍራስ፡ ስራሕ ጀርዲን፡ ሃድንን ምግፋፍ-ዓሳን፡ ግዜኻ ክትውፍየሉ ዕድል ትረክብ። ብኡ’ቢ.ልካ ድማ ንጥፈታት መሕለፍ-ገዜኻ ከም ስራሕ ክትዓምሞም ትቀራረብ፡ ወይከኣ ትምህርትኻ ክትቅጽል ተወሰኽቲ ኮርሳት ትመሃር።

እቶም ምስ እንስሳን ካልእ ፍጥረትን ተዋፊሮም ዚሰርሑ መብዛሕትኦም ወነንቲ ትካል’ዮም። ስለዚ ትምህርቲ ቁጠባን ኣታሓሕዛ ትካልን ትመሃር።

መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ’ዩ። ፍልጠት ቋንቋን፡ ሌላን፡ ርድኢትን ኣብ ካልኦት ባህልታትን ምስ ዝህልወካ ድማ ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ ምስ ወዳእካ ወጻኢ ኬድካ ናይ ምስራሕን ወይ ምምሃርን ጽቡቕ ዕድል ይህልወካ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ እንተመሪጽካ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንተደሊኻ’ውን ትምህርትኻ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ። ኣብ ኮለጅ ሞያ ክትመሃር ክትውስን ትኽእል ወይከኣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሕርሻ ሸወደን (ኤሰሉ) ሕጽር ዝበለ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል።

ኣብ ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ ንቐጻሊ ንትምህርቲ ሳይንስ ብቕዓት ዚህቡ ኮርሳት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። እዚ ጌርካ ድማ ወይ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሕርሻ ሸወደን (ኤሰሉ)፡ ንውሕን ዝይድን ዚብሉ ኮርሳት ትወስድ ወይከኣ ኣብ ካልኦት ኮለጃት ወይ ዩኒቨርስቲታት ተመልክት። ምናልባት ቤ/ትምህርትኻ ንትምህርቲ ሳይንስ ብቕዓት ዚህቡ ኣንፈታት ይህልውዋ ይኾኑ። ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ሕተት።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ ተማሂርካ ብቐጥታ ከትሓቶም ትኽእል ገለገለ ስራሓት ኣለዉ። ንኣብነት ከም ኣላይ-ኣፍራስ፡ ኣላይ-ከብቲ፡ ኣላይ-እንስሳ ኣብ መካነ-እንስሳ፡ ክንክን-እንስሳ፡ ተኽሊ ምፍላስ፡ ስራሕ-ጀርዲን፡ ኣብ ሜዳ-ጎልፍ፡ ኣብ ክንክን-ዱር፡ ኣብ ሃድን፡ ኣብ ሃብቲ-ማይ፡ ምግፋፍ-ዓሳ።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ ጥራይ ዚምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

ኣብ ፕሮግራም ኢንዱስትሪ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት የለዉን። ኣብ ክንድ'ዚ፡ ነፍሲ-ወከፍ ቤ/ትምህርቲ ናታ ኣንፈታት ፕሮግራም ተውጽእ። ከም ኣብነት ዚጥቀሱ ኣንፈታት፡ መሬት፡ ዱር (ጫካ)፡ ስነ-ኣትክልቲ፡ ክንክን እንስሳ፡ ኣተሓሕዛ ኣፍራስ፡ ሃብቲ-ማይ፡ ሃብቲ-ዓሳ፡ ሃድን፡ ክንክን ኣራዊት፡ ክንክን ከባብን ቱሪዝምን ኣለዉ።
ቦታ ቐይርካ ክትመሃራ ትኽእል እተገድሰካ ፍልይቲ ኣንፈት ትምህርቲ ኣላ'ዶ? እሞ፡ ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወኪስካ፡ እታ ንስኻ እትመርጻ ኣንፈት ኣብ (ሪክስኢንታግ) እትውቲ ምኳናን ዘይምኳናን ኣረጋግጽ። እትውቲ እንተኾይና ትመርጻ።

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም መዓላ ባህርያዊ ሃብቲ እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሞያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠና'ዚ እታ ቤትትምህርቲ ምስ ኣብ ጥቓኻ ዚርከባ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦ'ዩ። ኣበየናይ ስራሕ ትውዛዕ በቲ ዝመረጽካዮ ኣንፈት ፕሮግራም'ዩ ዚውሰን።እዚ ርክብን ሌላን ኽኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ አሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ኣብ መዳያት ሕርሻ፡ ጀርዲን፡ ስነ-ኣግራብ (ፎረስታለ)፡ ዚነጥፉ ትካላት፡ ሐደስቲ ሰራሕተኛታት የድልይዎም'ዮም፡ ሽሕ'ኳ ቍጽሮም ውሑድ ይኹን'ምበር። ብቐሊሉ ስራሕ ትረክብን ዘይትረክብን ብዝመረጽካዮ ኣንፈት ትምህርትን፡ ኣብ ቦታ ግዒዝካ ወይ እንዳተመላለስካ ምስራሕ ዘለካ ቅሩብነትን ኢዩ ዚውሰን። ኣብ መጻኢ እዋን ኣበየናይ ስራሕ ክትዋፈር ከምትደሊ ትፈልጥ እንተኾንካ ምናልባት ናትካ ትካል ትኸፍት ትኽውን።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image